# ክኸውን ዘለዎ ምፍላጥ
# ናይ ሎሚን ጽባሕን ስራሕ ምስላጥ

ብበላይ መስፍን

ዝኸበርኩም ኤርትራውያን ብቐዳምነት ልባዊ ሰላምታይ ተቐበሉ እሞ ናብቲ ኩሉ ጊዜ ብኣድህቦ እንርእዮ ጉዳይ ሃገርናን ቃንዛ ህዝብናን ክንኣቱ፡ ንሃገራውን ህዝባውን ጉዳይ ክሳዕ ዝፍትሑ ክትርስያም ዘይብልካ ስለ ዝኾኑ ትዛረበሎምኢኻ ከምኡ'ውን ኣብ ግብሪ ንምትርጓሞም ጻዕሪ ተካይድ ብጉፅዞ ካኣ ክፍትሑ ናይ ግድነት ኢዩ።

ከም ኤርትራውያን እቲ ዘካየድናዮ ቃልስን ዝኸፈልናዮ ዋጋን መዘና የብሉን፡ ግን እቲ ብቓልስና ክንረኽቦ ዝግባኣና ውጽኢት ስለ ዘይተረኽበ ከምኡ ኢሉ ህዝቢ ኤርትራ ጌና  ካብ ቃልስን ሻቕሎትን ተጋላጊሉ ኡፈየ ኢሉ ብሰላም ክነብርስ ይትረፍ ምስ መከርኡን ጥምየቱን እውን ነታ ዝተወልደላ ሃገሩ ክነብራ ስለ ዘይካኣለ ኣብ ዓለም ይብተን ኣሎ።

ኣብዚ ክንፈልጦ ዝግባእ ሓደ ነገር ኣሎ፡ ንናጽነት ክንቃለስ ከለና ንመሪሕነትና ክንቆጻጸሮ ኣይካኣልናን፡ እቲ መሪሕ ዝኾነ ኣካላት እናተቛጻጸረና ከም ኣባጊፅ ስቕ ኢልና ንኹብኮብ ስለ ዝጸናሕና ኣብ መወዳእታ ምስ በጻሕና ካኣ እንታይ ዓይነት ምምሕዳር ከም ዝህልወና ዘይንፈልጥ ብምንባርና ተጎዲእና ኢና፡ ኣበይ ከም ዘብጻሓና ከይፈልጥና ካኣ ኣጽዲፉና።

እቲ ኩሉ መስዋእቲ ዝተኸፍሎ ጉፅዞ ንብላሽ ኮይኑ፡ እቲ ምእንቲ ናጽነትን ክብሪ ህዝብን ዝተኸፍለ ማእለያ ዘይብሉ ክቡር ሂወታት ናይ ጀጋኑ፡ ኣብ ክንዲ ንኽብረት ንሕስረት ኣብ ክንዲ ንቕሳነት ንሸገርገርን ውርደትን ኣብ ክንዲ ሰላም ንፅግርግን ስደትን ኣሳጢሑና፡ እቲ ክሳዕ ሕጂ ዝኾነ እንተ ኣኺሉ እውን ድሓን ኔሩ፡ ግን ዝሓለፍናዮ ኢና ንደግም ኣለና።

ክሳዕ ሎሚ ኣብ ቃልስና ዝተገብረ ለውጢ የለን፡ እዚ ኣብ ርእሲ እቲ ዘለና ዓቕሚ ውሱን ዳርጋ ዘየለ ውን ስለ ዝኾነ፡ እቲ ብምኽንያት ተደጋጋሚን ዘይረምን ግጉይ ኣካይዳኡ ኣብ ምውዳቕ ዘምርሕ ዘሎ ስርዓት ጎጽ ምስ በለ'ውን ከምቲ ኩልና እንትምነዮ ጽፉፍን ጥዑይ ዝኾነ መንግስትን ንኽህልወና ዘኽእል ኣገባብ ኣቃላልሳ ኣይሓዝናን ዘለና።

እታ ሓንቲ ተስፋና እቲ ካብ ውሽጢ ማለት ካብቲ ግዳይ ናይዚ ስርዓት ኮይኑ ከም ሕሱም ዝርግጽ ህዝብና ዝትኮስ ማፅበል ብለባማትን መስተውዓልትን ዝምራሕ ኮይኑ ነቲ ዝሓለፈ ጌጋ ናይዚ ስርዓት እፎ ዝብልን ነዚ ዝብተን ዘሎ ህዝብና ኣኪቡ ዝሓቁፍን ንመላእ ህዝቢ ዘተሓጃቕፍን ክኾነልና እሞ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዘሎ ህዝብና ብሓባር ክፈትሖ'ዩ።

ምኽንያቱ እቲ ኣካይዳና ንዝኾነ ናብ ቃልሲ እተጸንበረ ባዓል ሕልናን ንጹህ ኤርትራዊን እናረመሰን ነንሕድሕዱ እናተባልዐን ዝመጸ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሓድሕዱ ኣይታኣማመን ነቲ ህዝቢ ከም ዝታኣማመን ኣይገብር ኮይኑ ስለ ዝጸንሖን ዘሎን፡ ኣብ በብጊዜኡ ዝላዓል ዛፅባ ምኽኑይ ዘይኮነን ማቓቓሊን ኣርእስቲ ናብ ህዝቢ እናዘርግሐ ኣብ ነገር የንብረና ኣሎ።

ሓደ ኣብ ቃልሲ ዘሎ ህዝቢ ካኣ ኣብ ክፈትሖ ዘይክእል ቆየቛ እናኣተወ ክሃልኽ የብሉን እዚ ኮነ ኢልካ እቲ ህዝቢ ስርሑ ከየስልጥ ዝዋፈር ካብ ምኺን ሓሊፉ ካልእ ምኽንያት ክህልዎ ስለ ዘይኽእል ብምስትውዓል ክርኤን ክምከትን ዘለዎ ተግባር ኢዩ፡ ምኽንያቱ ኣብ ቃልሲ እቶም ትቃለስ በበይኑ ቋንቋ ወይ ኣባሃህላ እንተዳኣ ተዘውትር ኮንካ ዓንቃፊ ኢዩ።

እስከ ነዛ ዶብ ከይተደወበ ብዝብል ምኽንያት እትቐርብ ኣባሃህላ ብምስትውዓል ንኹሉ ኣብ ግምት ኣእቲና ንርኣያ፡ እዚ ከም ምኽንያት ኮይኑ ንኢሳያስ ኣብ ስልጣን ንኽነብር ዝተፋሕሰ ዲዩ ወይስ፡ ብኻልእ ኣካል ማለት ከምቲ ንሱ ንሽደናግር ብወያኔ'ዩ ተሓሲቡን ተጀሚሩን ዝብሎ ኢዩ፡ ወይ ካኣ ኢሳያስ ኣነ ኢየ በዳሊ ስለ ዝበለ ዘዛርብ የብልናን'ዩ።

ኣብቲ ፍርዲ ካኣ ከምቲ ኣቶ በራኺ ገብረስላሴ ኣብ ጀርመን ናይ ኤርትራ ኤምባሲ ዝነበረ ዝበሎ ምስ ክብረትና ዳኣ ኣይኮነን እምበር ባድመስ ንኣና ተፈሪዱ ኢዩ፡ ግን ከምቲ ማእለያ ዘይብሉ ሂወታት

ከይጠፍኤ ኣይኮነን፡ እዚ ድሕሪ ምንጻሩ ኢሳያስን መንግስቲ ኢትዮጵያን ብኡሳት ስለ ዝኾኑ ኣይዘራረቡን ምኳኖም ፈሊጥና ኣሌና።

ይኹን እምበር እቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ጽልኢ የብሉን፡ ስለ'ዚ ኢሳያስ ካብ ስልጣኑ ኣለናዮ ማለት እቲ ምስ ጎረበትና ኢትዮጵያ ዝነበረ ሰላም ተመሊሱ ማለት ኢዩ፡ ከምኡ እውን እቲ ስደት ማንእሰያትና ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ይኹን ናብ ካልእ ኣብቂዑ ማለት ኢዩ፡ ንኡ ካብ ስልጣን ምእላይ መወዳእታ ከሉ ሽግራትና ኢዩ።

ስለ'ዚ ንሕና ምስ ጎረባብትና ሃገራት ይኹን ምስ ካልእ ሃገራት ጽልኢ ዘይብልና ካብ ኮንና እቲ ጉዳይ ናባና ዝግደፍ እምበር እቶም ዝጸየቕዎ ከዐርዩዎ ኢዮም ኢልካ ምሕሳብ ካብ ሃመማ ምዓር ምብርባር ኢዩ፡ እምብኣር ንሕና ተሳማሚዕና መንግስቲ ክንገብር እንተ'ኺኢልና እቲ ጸገም ተወዲኡ ማለት ኢዩ።

ግን እቲ መንግስቲ ከይንገብር ዝኽልክል ጸገም ኣዝዩ ንእሽቶን ቀሊልን ከሎ ሰሪ እቲ ኣብ ሞንጎና ስምምዕ ዘይምህላው፡ ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ከጥርዩ ዘይካኣሉ ውድባት እዚ እንተጌሮምዶ፡ እዚ እንተዘይገበሩዶ ኢልካ ክትሓምዮም ከምኡ'ውን ከተናእሶም ምውዓል ዘይግባእን ብሓቂ ክእረም ዘለዎን ኢዩ፡ ምኽንያቱ ሰብ ይሓስብን ይዛረብን እምበር ማዓንጥኡ ኣይወጽእን ኢዩ።

ብኻልእ መገዲ ካኣ ሓደ ተቓላሳይ ህዝቢ የባራብር እምበር፡ ባዕሉ ቃልሲ ጀሚሩ ባዕሉ ቃልሲ ክውድእ ባህሪያዊ ኣይኮነን፡ ቃልሲ ይጅመር እሞ ንኹልኻ ዘርብሕ እንተኾይኑ ኩልኻ ተሰንዮ ዘየርብሕ እንተኾኑ ካኣ ትዓግቶ ወይ ኣይትኽተሎን እምበር ከም ሓደ ዘይጉዳይካ ዝኾነ ነገር ብጎቦ ዓይንኻ እናራኣኻ ናብ ዘበለ የብል ክትብል ኣይግባእን።

ስለ'ዚ ዝኸበርኹም ኣሕዋት ኤርትራውያን ካብቲ ኩሉ ዝሓለፈ ተማሂርናን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጸም ዘሎ ሪኢናን ኣብ ልዕሊ ኣብ ሃገርና ዝወርድ ዘሎ ኩነታት ኣሕዚኑናን ኩልና ዘዝካኣለና እንተገበርና ጥራይ ኢዩ ሽግርና መወዳእታ ዝርከቦ እንበር ኣብ ባይታ ዘየለ ኩነታት ኣቲና እንተሃውተትናን እንተታሓማመናን መፍትሒ ኣይኽውንን ኢዩ።

ክሳዕ ኣብ ዝመጽእ ርኽብና ካኣ ሰናይ ቅነ ይግበረልኩም። ኣጀኹም ክሓልፍ ኢዩ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና